ኣዕናዊ ወፍሪ ኢሰያስ ኣብ በረካታት ዛይደኮሎም፡

**26/ታሕሳስ/ 2020** ኢሰያስ ብዝሃቦ ሚስጥራዊ ግና ኣዕናዊ ትእዛዝ ነቲ መደብ ንክፍጽሞ፡ 3ይ ብሪጌድ ናይ ክፍለ ሰራዊት 61 ካብ ዝነበሮ መዓስከር ተንቐሳቒሱ፡ በዚ ዕለት'ዚ ኣብ **ማይ – ላም** ዝበሃል ኣትዩ ተወሳኺ ትእዛዝ ይጽበ ከምዘሎ ተረጋጊጹ።

__**ዕላማ ትእዛዝ:**__ ብኢሰያስ ዝተዋህበ ኣዕናዊ ትእዛዝ፡ ነቶም ብዘይጥርጡፍ ኣገባብ ንኩናት ተቓዊሞም ኣብ ፈቖዶ በረኻታት ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ኣባላት ምክልኻል ንምህዳን ዝወጸ ዘይሓላፍነታዊ መደብ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ፍኑው ተቓዉሞ እናዓበየ ይኸይድ ስለዘሎ ተወዲቡ ተጠርኒፉ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከይሰጋገር ምብርዓኑ። ስርዓት ህግደፍ ከምዘይምሕ ከፍልጦም እቶም ካልኦት ፈሪሖም ተማእዚዞም ክኸዱ። ሰራዊት ነንሕድሕዱ ከምዝቓተል ክገብሮ ወዘተ ብዙሕ ዕላማታት ዘለዎ ኣዕናዊ መደብ እዩ። መጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን (**ኣውልያይ**) ኣብ'ዚ ሓጺር ግዜ ካብ ኣምሓዳሪ ዞባ ማእከል ተሳሒቡ ናይ ማእከላይ እዚ ተወርወር ኮይኑ ካብ ዝምዘዝ፡ ንትእዛዝ ኢሰያስ ተቐቢሉ ኣብ ውሽጣዊ ኩናት ኢትዮጵያ ተሳቲፉ፡ ንሰራዊትን ሊጂቲክስን መካናይዝድን ከውሃህድ ዝጸንሔ ኣዛዚ ሰራዊት ከምዝኾነ ብዙሓት ኣባላት ሰራዊት ብዓይኖም ዝተዓዘቡዎ ብግብሪ ዘረጋግጽዎ እዩ።

__**ኣዕናዊ ተልእኾ ንምፍጻም**:__ **3ይ** ብሪጌድ ካብ ክ/ሰ 61 ካብ ዝነበረቶ መዓስከር **ከባቢ ባጽዕ** ተበጊሳ፡ **26/ታሕሳስ/2020** ከባቢ መረብ ሰቲት ዝርከብ **ማይ ላም** ዝበሃል ቦታ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ኣትያ ተወሳኺ ትእዛዝ ይጽበዩ ከምዘለዉ ተሓቢሩ። ነታ ብርጌድ ዝተዋህባ ኣዕናዊ መደብ ናይ 3ይ ብሪጌድ ግና ናበይን ስለምንታይን ይንቐሳቐስ ከምዘሎ ነቲ ኣዕናዊ መደብ ፈጺሙ ኣይፈልጦን እዩ። ምኽንያቱ ብወትሃደራዊ ዲሲፕሊን ሚስጥራዊ መደብ ኣቐዲሙ ንሰራዊት ከምዘይሕበር ብዙሕ ሰብ ዝፈልጦ ኣሰራርሓ ከምዝኾነ ንግምት።

__**ኣዕናዊ ትእዛዝን ታርጌቱን:**__ ንኩናት ዝተቓወሙ ኣባላት ምክልኻል ብሓፈሽኡ ኣብ ፈቖዶ በረኻታት ኤርትራ ፋሕ ኢሎም ከምዘለዉ ክስማዕ ጸኒሑ እዩ። እዛ 3ይቲ ብርጌድ ዝተዋህባ መደብ ግና ነቶም ኣብ ዑብልን ዛይደኮሎምን ትኹልን ከባቢኡን። ኣብ ቖሓይን እንዳባ ስምኦንን ከባቢኡን ተሓቢኦም ዝበሃሉ ሰራዊት ሓይልታት ምክልካል ሃዲንካ ክትኣስሮም ወይ ክትቐትሎም ዝወጸ ሓደገኛ መደብ እዩ።

__ምንቕስቓስ መንእሰያት ኤርትራ ንደሞክራሲ/ንሓርነት፡ ነምሓላልፎ መልእኽቲ:__

1. ንኩናት ብምቕዋም ኣብ በረኻታት ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ኣባላት ምክልኻል ውሕስነቶም ከረጋግጹ፡ ኣንጻሮም ተወሲኑ ዘሎ ኣዕናዊ መደብ ከፍሽሉዎ፡ ዝከኣሎም ጥበብ ክገብሩ ንድሕነቶም ዝሕግዝ ሚስጥራዊ መደብ ህግደፍ ነቓልዖ ከምዘለና ክንሕብር ንፈቱ።

2. ኩለን ሚድያታት ብሓፈሻ፡ እቶም ንውሽጢ ኤርትራ ዝኣቱ መደብ ብናይ ሳተላይት ነትዎርክ ተቓልሑ ብፍላይ፡ ነዚ ረዚንን ሓላፍነታውን ሓበሬታ ቐልጢፍኩም ከተቓልዑዎ፡ ድሕነት ዜጋታት ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ተራኹም ክትጻወቱ ብክብሪ ንጽውዕ።
3. ነፍሲ ወከፍ ሕልናዊ ዜጋ ከከም ዓቕሙ ነቲ ሓበሬታ ንውሽጢ ሃገር ንምዝርጋሕ ኣብ ማሕበራዊ መራኽቢ ክትጽዕኑዎ Share ሼር ገይርኩም ናብ ብዙሕ ከምዝባጻሕ ክትገብሩዎ፡ ወይ ብካልእ ውሕስነት ዘለዎ መራኽቢ ከተምሓላልፉዎ ብክብሪ ንዕድም።
4. ኣዘዝቲ ሰራዊት ኣብ ኢትዮጵያ ዘይምልከተና ኩናት ምቑዋም፡ ንህዝብን ሃገርን ንምድሓን ሃገራውን ታሪኻውን ሓላፍነት ኣለኩም። ንኩናት ብምቕዋም ንክህደኑ ንክጠፍኡ ዝወሃብ ዘሎ ኣዕናዊ ትእዛዝ እዉን ካብ ምፍጻም ክትቑጠቡ ንምሕጸን።
5. ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ነዚ ኣዕናዊ ትእዛዝ ተገንዚብኩም ናይ ንጹሃት መቓልስትኹም ሂወት ብከንቱ ከይቕዘፍ ክትከላኸሉ፡ ኣድላይን ወሳንን ስጉምቲ ክትወስዱ ዋልታ ህዝቢ ክትኮኑ ብረትኩም ኣንጻር ሰይጣናዊ ዲክታተር ከተቕንዑ ንጽውዕ።

ክፍሊ ዜና ፡ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ ንደሞክራሲ/ንሓርነት

27/ታሕሳስ/2020